# ኦክፒት ኪሎፓትራ

## ብ ላእከ ፕ.ፍጹም ግራገረቦ/ካናዳ

ሕልመይ ተግብሩለይ

ዝብለኩም ስሙዑኒ

ኩሉ ዘመዓዱ ፍሉይ ዓይኒ አለኒ

የለን ሓደ ፍጡር ዝወዳደረኒ

አብ ፓስፊክ አብ ህንዲ

አብ አትላንቲክ ባሕሪ

ኤበረስት ይሰቐል

ይንበር ትሕቲ ምድሪ

የለን ሓደ ፍጡር

ከማየ ዝሓልም ምሳየ ዝዕሪ

ተኹረምብጥ   ትወጢሓ

ዘይቕሽመዱ ዘይኩምተሩ

ዝመስሉ  ሽሞንተ አጻቢዓ ዘርጊሓ

ሓቖፊት መሲላ መእተዊት ማሕለኻ

ወይለከ ዘይምርዳእ እኒሆኻ ጃህሪ

ካዕቢቱ ከምዝመጽእ ናይቲ ግፍዒ ስፍሪ

አነስ አግሪሙለይ

መዘዝ ንወለዶ ናይታሪክ ዕዳ ገዲፋ

ከመይ ዘይትሓልም ከም ፍጡር ምሕላፉ

ሓላሚት ኦክቶፖስ ነፋሒቶ ዉቅያኖስ

መን ከማይ በሃሊት ናይ ዘመና አይሲስ

መዓዝ ይርደአ

ወዲ ኩሩዕ ህዝቢ ህርኩት ጻዕራም ንህቢ

ጅግና ዳግማይ ካሌብ ግፉዓት ሓብሕቢ

ፍረ ህያው  ራእይ ሱሩ ዘይበርስ

ናይ ፍትሒ ናይ ሰላም ናይ ዕቤት ምሃንዲስ

ምዓዝ ይርደአ

ብሕብራ ዝዕሾ ንህዝቡ ጠሊሙ

ካብ ህዝቡ ዝሰወር ዘይሙኧኑ ዩልዮስ

ንዓይ ጥራሕ ሕልማ ብናኒት ከም ዓፍራ

ነብሳ እንትትወግእ በቲሕንዛም ጽፍራ

ናይ ፍጡራን ቃንዛ

ሽዑ ይርድአ ኦክፒት ኪሉፓትራ